# ንመጥባሕቲ ወይ ንኻልእ ምጥባሕቲ ዘካተተ ናይ ሕክምና ኣሰራርሓ ፍቓድ መውሃቢ
# CONSENT FOR SURGERY OR OTHER INVASIVE PROCEDURAL TREATMENT (TIGRIGNA)

1. **መስርሕ፡** ኣነ ______________________ *[ሽም ተሓካሚ]፣* ንዝስዕብ መስርሕ(ት) ፍቓድ ምሃብ፡

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________ *[መግለጺ መስርሕ (ታት)]።*

እቲ ናተይ ናይ ሕክምና በዓል ሞያ ኣብቲ ዝግበረልይ መስርሕ እንታይ ከምዝሕውስ ማለት መደንዘዚ ወይ መፍዘዚ፣ ወይ'ውን ክልቲኡ ክግበረለይ ከምዝኽእል ምሳይ ተመያይጥሉ እዩ ኣነ'ውን ተረዲኡኒ ኣሎ። ብዛዕባ ናይ ክንክን ጥዕናይ ናይ ምውሳን መሰላተይን ሓለፍነታተይን እርድኣኒ እዩ። ተወሳኺ ናይ ትምህርታዊ ሰነዳት ተቐቢለ ክኸውን እኽእል እየ። ነዚ ውሳነይ ብድልየተይን ብናጽነት እየ ገይረዮ።

> **Day of Procedure**
> Verify patient consents to the documented procedure.
> RN/Tech initials ______
> Date ______
> Time ______

2. **ሓደጋታት:** ሓኪመይ፣ ምስ እዚ መስርሕ ብዝተኣሳሰር ክህልዉ ብዛዕባ ዝኽእሉ ፍሉያት ሓደጋታት ገሊጹለይ እዩ። እዚ ስግኣት ዝጎንፍ እንተኾይኑ፣ ሕክምንኦም ተወሰኽቲ መስርሓት ክሓትት ይኽእል። እቶም ምስ ዝኾነ ሕክምናዊ መስርሕ ዝኸዱ ስግኣታት እዞም ዝስዕቡ ኮይኖም ኣብኡ ግን ኣይሕጸሩን: ወቕዒ፣ መሳርሒ ዘይምስራሕ፡ ረኽሲ፡ ሕማም ቁስለት ነርቭ፣ ደም ምዕጻው፣ ሕማም ልቢ፣ ኣለርጂ፣ ሕማም መተንፈሲ፣ ሕማም ኩሊት ፣ ምድማይ ከምኡ ድማ ከቢድ ምፍሳስ ደም ከምዝኾነ እግንዘብ። እዞም ሓደጋታት ብርቱዕን ምናልባሽ ናብ ሞት ዘብጽሑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ሓደጋታት ከምዘለዉ ተረዲኤ ናጻ ኾይነ ይቕበሎም። ምስ መደንዘዚ ብዝተኣሳሰር ክህልዉ ብዛዕባ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ዘይተደልዩ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ነቲ መስርሕ ቅድሚ ምግባረይ ክግለጹለይ እዮም። ቀቅድሚ እቲ መስርሕ፣ ንመደንዘዚ ወይ መዐገሲ ፍቓደይ ኣብ ዝተፈለየ ወረቐት ብምፍራም ንክህብ ክሕተት እኽእል እየ።

3. **ኣማራጺታት:** ብጀካ እዚ መስርሕ ክህልዉ ብዛዕባ ዝኽእሉ ካልኦት ሚዛናዊ ኣማራጺ(ታት) ብሓኪመይ መግለጺ ተገይሩለይ እዩ። ንሱ ወይ ንሳ ነዚ መስርሕ ዘይምግባር ከምጽኡዎ ብዛዕባ ዝኽእሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ጥቕምታትን ገሊጾምለይ እዮም። ነዚ ሓበሬታ ድሕሪ ምፍላጠይ፣ ነዚ ኣብዚ ቅጥዒ ተገሊጹ ዘሎ መስርሕ(ሓት) ንኽገብር መሪጸ ኣለኹ።

4. **ረብሓታት:** ሓኪመይ ምስ እዚ መስርሕ ብዝተኣሳሰር ክህልዉ ብዛዕባ ዝኽእሉ ጥቕምታት ገሊጹለይ እዩ። ነዞም ጥቕምታት ብርግጽ ክረኽቦም እየ ዝብል ሙሉእ ብሙሉእ መረጋገጺ ከምዘየሎ እርዳእ። እዚ መስርሕ ብዛዕባ ዝህልዎ ውጽኢት፣ ርግጽ ዝኾነ መረጋገጺ(ጺታት) ኣይተዋህበኒን።

5. **ናይ ክንክን ጉጅለ:** ሓኪመይ ______________________ *[ሽም ሓኪም]፣* እዚ መስርሕ ንኽካይድ መዝነት እህብ። ንሱ ወይ ንሳ ክሓውሶ ዝኽእል ወሃቢ መደንዘዚ፣ ነርስታት፣ ቴክኒሻናት፣ ናይ ሕክምና መሳርሒ ፍሉይ ክኢላታትን ጉጅለ መጥባሕቲ ብዝኾኑ ጉጅለ ክንክን እንተተሓጊዙ እቕበል። እዚ ጉጅለ ካልኦት ክኢላታት መጥባሕቲ፣ ነበርቲ፣ ሰዓብቲ፣ ተምሃሮ ሕክምና ወይ ድማ ካልኦት ናይ ወጻኢ ክኢላታት ክንክን ጥዕና ከካትት ይኽእል። ንከምኡ ዝበለ ሽርክና ወይ ሓገዝቲ ክፉል እቲ መጥባሕቲ ወይ መስርሕ ኣብ ትሕቲ ኣንፈት እቶም ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓካይምን መዝነት እህብ።

6. **ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ምህላዉ፡** ሓኪመይን ካልኦት ብሓኪመይ ዝተመደቡ ብዝግባእ ዝበቕዑ ኣለይትን ኣብ ዝበዝሐ ክፉል ናይቲ መጥባሕቲ፡ ነቶም ቁልፍን ወሰንትን ክፉላት ዘጠቓልለ፡ ከምኡ'ውን እዞም መስርሓት ሕክምና ኣብ ዝዛዘምሉ፡ ንሱ/ንሳ ካብቲ ናይ መጥባሕቲ ክፍሊ ክወጹ ይኽ። ኣነ መጥባሕቲ እናገበርኩ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሓኪመይ እቲ ክፍሊ መጥባሕቲ እንተኸይዱ፣ ንሱ ወይ ንሳ ወይ ካልእ ብዝግባእ ብቑዕ ወሃቢ ጥዕና ኣገዳሲ እንተኾነ ነቲ መስርሓይ ዘሕግዝ ወይ ዝቖጻጸር ኩል ጊዜ ብህጹጽ ከምዝረክብ እግንዘብ።

7. **ተዓዘብቲ:** ሓኪመይ ኣብ እዋን መስርሐይ ተዓዘብቲ ንክህልዉ ክፈቅድ ይኽእል እዩ። ንሳቶም ናይቲ ጉጅለ ክንክን ኣካል ዘይኮኑን ኣብ ምሃብ ክንክን ዘይሳተፉን እዮም።

8. **ናይ ደም ምምሕልላፍ፡** ኣነን ሓኪመይን ብዛዕባ ምትሕልላፍ ደም ምስዚ መስርሕ ዝዛመድ ዘቲና፡ ንሱ ድማ ኣብ ታሕቲ ከምዝተጠቕሰን ብዛዕባ ምትሕልላፍ ዘለኒ ምርጫን፡ ዋላ እቲ ምትሕልላፍ ህይወት ዘድሕን ይኹን።
ሓኪም፤ ብኽብረትኩም ነቲ ዝሰማማዕ ምርጫኣብ ታሕቲ ርኣዩ። እዚ ምርጫ መረጋገጺ ፍቓድ ወይ ንእምቢታ ኣይኮነን፤ ነቲ ዝግባእ ስነዳ ናይዞም ውሳነታት ሓበሬታ ዝህብ'ዩ። ፍቓድ ወይ እምቢታ ናይ ምምሕልላፍ ደም ንምርኣይ ዝግባእ በይኑ ሰነድ ወድእ።

- ☐ ምትሕልላፍ ደም ነዚ ሕክምናዊ መስርሕ'ዚ ኣገዳሲ ክኸውን ተጽቢት ኣይግበርን እዩ። መርመራ ቅድመ-ምትሕልላፍ (ዓይነትን ምምማይን) ኣይግበርን እዩ። ካልእ ተወሳኺ ቅጥዒ ኣየድልን እዩ።
- ☐ ምትሕልላፍ ደም ይምልከት ይኸውን። መርመራ ቅድመ ምትሕልላፍ (ዓይነትን ምምማይን) ተጽቢት ይግበር። ፍቓድ ምሃብ ናይ ምትሕልላፍ ንምስናድ ትጥቀመሉ ቅጥዒ #397073- *ኣብ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ፍቓድ ምሃብ ንምትሕልላፍ ደም.***
- ☐ እቲ ተሓካሚ ንምትሕልላፍ ደም ፍቓደኛ ኣይኮነን፣ ዋላ እቲ ምትሕልላፍ ንምድሓን ሂወት ይኹን። ናይ ምትሕልላፍ እምቢታ ንምስናድ ብኽብረትኩም ተፈጻምነት ንዘለዎ ክሊኒካዊ ደረጃ ተኸተሉ፥ *ደም ኣልቦ ፕሮግራም፥ ዓቢ ወይ ደም ኣልቦ ፕሮግራም፥ ናጽላዊ፡ ናይ ሕክምና ቀልዑን፡ ጽግዕተኛታት ዓብን ።***

> **Day of Procedure**
> **Verify patient's signed documents are in the medical record.
> RN/Tech initials ______
> Date ______
> Time ______

9. **ፓቶሎጂ፡** ከም ቅንጣብ ቆርበት፣ ደም፣ ናይ ኣካላት ፈሳሲ ወዘተ. ዝኣመሰለ ዝኾነ መርኣያታት ከም ዝምርመር፣ ይኅሓፍን ወይ ንመጻኢ ናይ ሕክምና መምሃሪታት ወይ መማራመሪ ከምዝኸውን ይቕበል። ዝኾነ ንመማራመሪ ዝኸውን መርኣያታት ብቑዕ ዝኾነ ገምጋሚ ቦርድ ክግምገሞ እዩ። ቅንጣብ ኣካላዊ ስጋ ኮነ ካልእ ካባይ ዝተወሰደ ነገራት ከምዘይምለሰለይ ይርድኣኒ እዩ። ፉሉይ ርእይቶ ይገብር ንዝብሉ ጠለባት፣ ከከም ኩነታቱ ሓደ ብሓደ ውሳነ ክግበር እዩ።

10. **ናይ ቪድዮ ወይ ፎቶግራፍ መዝገብ፤** ኣብ እዋን ሕክምናይን/ወይ መርመራይ ዝተሳእሉ ናይ ቪድዮ ወይ ፎቶግራፍ መዝገባት ንክሊኒካዊ ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያውያን ሕትመታት ጥቕሚ ክህልዎም ከምዝኽእል ይርዳእ። በዚ መገዲ ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሎም፣ ምእንታን ኣነ ከይልለ፣ እቲ ናተይ መዝገብ ኢዲት ከምዝግበር እርዳእ ("መለለዩ-ኣልቦ" ተገይሩ ከኣ ይበሃል)። ናይ ቪድዮ ወይ ፎቶግራፍ መዝገባት፣ ብዘይ ፍቓደይ ንዝኾነ ካልእ ተግባር ኣብ ኣገልግሎት ኣይክውዕሉን እዮም።

______ *(ናይ ተሓካሚ መፈለምታ ፊደላት ስም)* **<u>ናተይ</u> ዘይልለዩ መዝገባት ቪዲዮ ወይ ስእሊ ንሕክምናዊ ትምህርቲ ወይ ሞያዊ ሕትመታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ፍቓድ ኣይህብን።**

---

**ብዛዕባ እዚ መስርሕ ዘለኒ ሕቶታት ንዓይ ብዘዐግብ መንገዲ ተመሊሱለይ እዩ። ኣብ ታሕቲ ብምፍራም፣ ነዚ ሕክምናዊ መስርሕ ፍቓድ ከምዘሃብኩ ይምስክር።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፊርማ (ናይ ተሓካሚ ወይ ሕጋዊ ወኪል) | ሽም ጽሒፍካ ኣሕትም | **ዕለት** | **ግዜ** |

ዝምድና (ካብ ተሓካሚ ወጻኢ እንተኾይኑ)

> **Consent Update**
> Patient consent validation, if patient signature date is greater than 90 days prior to the procedure date.
> Practitioner initials ______
> Date ______
> Time ______

**ናይ ሕክምና በዓል ሞያ መግለጺ፡**
ናይዚ ሰነድ ትሕዝቶታት ብምሉኡ ነቲ ሕሙም/ሕጋዊ ወኪል መግለጺ ሂበዮ ከምኡ'ውን ኩሉ ሕቶታት መሊሰ ኣለኹ፡፡ ብዘለኒ ፍልጠት እዚ ሕሙም ወይ ወኪል ዝኣክል ሓበሬታ ተቐቢሉ ናይ ፍቓድ ቃሉ ሂቡ/ባን እዩ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ፊርማ ሓኪም | ሽም ጽሒፍካ ኣሕትም | **ዕለት** | **ግዜ** |

☐ እወ – ከም ኣካል ናይዚ መስርሕ ተርጓሚ ተጠቒሞም።

PATIENT LABEL

SWEDISH

SEATTLE, WASHINGTON

Form 396230-TIGRIGNA Rev. 07/2018

ንመጥባሕቲ ወይ ንኻልእ ምጥባሕቲ ዘካተተ ናይ ሕክምና ኣሰራርሓ ፍቓድ መውሃቢ